# ዕዉት ኤርትራዊ ሽወደናዊ ምስዮት

ብዕለት 04 ግንቦት 2019 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ከተማ ዮተርቦርግ ብሽወደናዊ ኤርትራዊ ምሕዝነት ማሕበር ዝተዳለወ ኣገዳሲ ምስዮት ተካይዱ። እቲ ምስዮት ኣብ " **ትሕቲ ሓቢርና ነድምጽ ክነስምዕ ፡ ሓቢርና ንስራሕ ክነድምዕ** " ዝብል መሪሕ ጭርሖ ኮይኑ ኣቦ ወንበር ማሕበር ኣቶ ቶማስ ማግሶንን ሓው ጸሃየ ቀለታን ሓጺር ሌላን ንጥፈታት ሓቢሮም ንህዑብ ስነ ጥበባዊ ሙሳ ናሽሕ ብመሳጢ ዝኾነ ግጥሚ ብቋንቋ ትግረ **ኣደይ (ሃገረይ)** እናበለ ከፊቶ።










ኣብዚ ምስዮት ክልተ ሰክረታሪ ከንቲባ ዮተቦርግ ሩበን ማልምስትሮምን ዮሱፍ ኣካርን፡ ዮኒ ኣደርሶን ኣቦወንበር ኢንተርናሽናል ፎልክ ስኮላን ተሳተፍቲ ነይሮም። ቀጺላ ሓብትና መንእሰይ ሚሊዮ ተኽለ ኣማኻሪት ኣብ ወጻኢ ዝምድናታት ከተማ ዮተቦርግን ኪኢላ ሕብረተሰብኣዊ ህንጻትን ዉህደትን ዝምድና ብህልዊ ኩነታት ስድራ ቤታት ኤርትራውያንን ምዕባይ ቆልዑት ኣብ ሽወደን ኣገዳሲ መዓድን መሃርን ኣስተምህሮን ሂባ ቀጻሊ ዘሎ መደብ ሓቢራ። ሲዒቡ ኣባል ባይቶ ሃገር ሽወደን ዮሃን ቡሰር ኣቦ ወንበር ሽማገለ መዓዕዝያ ዝኾነ ናይ ዴሳዊ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ሃገር ሽወደን መደባት ኣብ መናብሮ ገዛን ናይ ኣቀባብላ ስደተኛታትን ዘሎዎ ጽቡቅ ተረዳኦን ኣፍልጦን ብህልዊ ኩነታት ኤርትራን ገሊጹ ከም ኣባል ባይቶ ዘሎዎ ሻቅሎትን ጓህን ገሊጹ ብተገሳስነት ናብ ባይቶ ከቅርቦን ምኳኑ ቃል ኣትዩ። ብጉዳይ ኣብ ከተማ ዮተቦርግ ዘሎ ሃለዋት ኤርትራውያንን ሽግራቶምን እውን ምስ ዝምልከቶም ተዛሪቡ ንምፍታሑ ክጽዕርን ብጉዳይ ገዛዊቲ ጽቡቅ ስምምዕ ምስ ገለ ሰልፍታት ከም ዘሎ ሓቢሩ። ድሕሪኡ ብ4ተ

ዉሕሉላት ኣሕዋትና ደቂኣንስትዮ ዝተዳለወ ሕብስትን ፍቱው ቅጫን፡ ብሶማላውያን መሓዙት ዝተዳለወ ሽኮራዊ ሕብስቲ ንምቅሳም ናይ ቡንን ሻህን ን15 ደቅይቅ ዕረፍቲ ኮነ። ቀጺሉ ስነ ጥበባዊ መንሰይ ሙሳ ናሽሕ ብጉዳይ ስደትን ዘጋጠጥሞ ብድሆን መሳጢ ግጥሚ ብቛንቛ ትግርኛ ኣስሚዑ ቀጻሊ ምስዮት ሓጺር ጊዜ ናይ ሙዚቃ ናይ ትግረ ደርፍታት ብምስማዕ ናይ ምሸት መዕጸዊ ኮነ።